Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ውህደት ትምህርቲ

ን

- ብመሰረት ሕጊ ዑቕባ (AsylG) ዓንቀጽ 55 (1) ውሳነ ዑቕባ (Aufenthaltsgestattung) ክጸንሑ ፍቓድ ዘለዎም ሓተትቲ ዑቕባ
- ብመሰረት § 60a Abs. 2 Satz 3 AufenthG (ዓንቀጽ 60a ፈላይ ዓንቀጽ 2 ሕጡብ 3 ናይ መንበሪ ፍፍቃድ) ግዚያዊ ናይ መንበሪ ፍቃድ  ዘለዎም ወጻእተኛታት
- ብመሰረት § 60a Abs. 2 Satz 3 AufenthG (ዓንቀጽ 60a ፈላይ ዓንቀጽ 2 ሕጡብ 3 ናይ መንበሪ ፍፍቃድ)  ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም፡ ምስኡ ዝተኣሳሰረ ድማ ብመሰረት § 60c Abs. 1 AufenthG ናይ ሞያ ትምህርቲ ፍቃድ ንዘለዎም (ዓንቀጽ 60c  ናይ መንበሪ ፍቃድ) ከምኡ እዉን ብመሰረት § 60d Abs. 1 AufenthG (ዓንቀጽ 60d ፈላይ ዓንቀጽ 1 ናይ መንበሪ ፍቃድ) ናይ ስራሕ ፍቃድ ዘለዎምወጻእተኛታት
- ብመሰረት ዓንቀጽ 24 AufenthG ወይ ዓንቀጽ 25 (5) AufenthG ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም

ወጻእተኛታትዝኸበርካ ወይ ዝኸበርኪ.

- ናብቲ ናይ ውህደት ኮርስ ንምእታው ናብ ቤት ጽሕፈት ፌደራል ስደተኛታትን መጻእተኛታትን (BAMF) ከተመልከት ትኽእል ኢኻ። ነዚ ድማ ካብዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ሓደ ከተማልእ ኣለካ፡ኣመልካቲ ዑቕባ ኮይንካ ክትጸንሕ ፍቓድ ኣለካ

ወይ ድማ

- ብመሰረት ዓንቀጽ 60ሀ (2) ፍርዲ 3 AufenthG ግዝያዊ ምቁራጽ ምስጓግ ወይ ብመሰረት ዓንቀጽ 24 AufenthG ወይ ዓንቀጽ 25 (5) AufenthG ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ኣለካ።

ኣስተውዕል፡ ዑቅባ ኣብ እትሓተሉ እዋን ወይ ድማ ቃለ መጠይቅ ኣብ ዝገበርካሉ እዋን ናይ ዉህደት ቋንቋ ትምህርቲ ፍቃድ ተዋሂቡካ እንተነይሩ ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንኽትሳተፍ ምምልካት ኣይድልየካን እዩ፣

ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ዝግደዱ ህጻናት፡ ቆልዑን መንእሰያትን ኣብቲ ናይ ውህደት ኮርስ ክሳተፉ ኣይክእሉን።

ናይ ዉህደት ትምህርቲ እንታይ ማለት እዩ?

ሓፈሻዊ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ክልተ ክፋላት ዝሓዘለ እዩ፣ ናይ ቋንቋ ትምህርትን ናይ ዉህደት (ሓበሬታ) ትምህርትን

ኣብቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ቃላት ትመሃር እዚ ድማ ኣብቲ መዓታዊ ሂወት ንዘረባን ጽሕፈትን ዘድልየካድማ እዩ። እዚ ድማ ምስ ሰበስልጣን ርክብ ምግባር፡ ምስ ጎረባብትን ኣብ ስራሕን ምዝርራብ፣ ደብዳቤ ምጽሓፍን ቅጥዕታት ምምላእን የጠቓልል።

እቲ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ኣብ ጀርመን ናብራ ከመይ ከም ዝኾነ ሓበሬታ ይህበካ። ኣብዚ ብዛዕባ ስርዓተ ሕጊ፡ ባህልን ናይ ቀረባ ታሪኽ ሃገርን ትመሃር።

እቲ ሓፈሻዊ ናይ ዉህደት ትምህርቲ 600 ናይ ትምህርቲ ሰዓታትን (ሓደ ናይ ትምህርቲ ሰዓት 45 ደቂቅ እዩ) ከምኡ ድማ 100 ናይ ሓበሬታ ትምህርቲ  ሰዓታት ዝሓዘለ እዩ። እቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ ሹዱሽተ ናይ ትምህርቲ ክፋላት ዝተመቅለ እዩ ነፍሲ ወከፉ

KNr. 630.121j Tigrinya BAMF 01/2023

ክፋል ድማ 100 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ኣለዎ። እቲ ናይ መጀመርያ 300 ሰዓታት መሰረታዊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ እቲ ተወሳኺ 300 ሰዓታት ድማ መደላደሊ (ተወሳኺ) ናይ ቋንቋ ትምህርቲ እዩ።

ፍሉይ ናይ ዉህደት ትምህርቲ እዉን ኣሎ፣ ንኣብነት ንደቂ ኣንስትዮ፣ ንወለዲ፣ ንመንእሰያት ከምኡ እዉን ነቶም ብግቡእ ከንብቡን ክጽሕፉን ዘይክእሉ ሰባት። እዚ ትምህርቲ 1.000 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት የጠቓልል።

ብቅልጡፍ ክትመሃር እንተ ኺኢልካ፣ ጽዑእ መኣዲ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል።

እቲ " ትምህርቲ ዝህብ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ዝህብ ትካል ፣ እቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ዓቅምኻ ንምፍላጥ ይምርምረካ። እዚ ድማ ኣበየና ክፍሊ ከም እትኣቱን ኣብየናይ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ከም እትጅምርን ንምውሳን እዩ። እቲ ናይ ዓቅሚ መመርመሪ ፈተና ብናጻ እዩዝወሃብ።

ተሳትፎ ኣብ ናይ መወዳእታ ፈተና

እቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ሓደ ናይ ቋንቋ ፈተናን ከምኡ እዉን ኣብቲ መወዳእታ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ዝወሃብ "ናብራ ኣብ ጀርመን" ዝብል ፈተናን የጠቓልል። እንተ ዳኣ ኣብቲ ናይ ቋንቋ ፈተና እኹል ናይ ቋንቋ ጀርመን ኣፍልጦ ኣምጺእካ (ናይ ቋንቋ ደረጃ B1)ን "ናብራ ኣብ ጀርመን" ዝብል ፈተና እንተሓሊፍካን፣ እቲ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ብዓወት ዛዚምካ ኣለኻ ማለት እዩ። በዚ መሰረት ድማ "ናይ ዉህደት ትምህርቲ ምስክርነት" ትቅበል።

ምናልባት ኣብ ሓደ ወይ እዉን ኣብ ክልቲኡ ፈተና እንተ ዘይሓለፍካ፣ ዉጺኢትካ ዘርኢ ምስክርነት ይወሃበካ።

ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ምስታፍ ብናጻ እዩ።

ብቤት ጽሕፈት ፌደራል ኣቢልካ ናብቲ ናይ ውህደት ኮርስ ምእታውን ኣብ ወሃቢ ኮርስ ምምዝጋብን

ነቲ ናይ ፍቃድ ምልክታ ቅጺ ብምሉእን ከም ዝንበብን ገርካ ምልኣዮ። ዳኣ እቲ ንስኻ ዝሃብካዮ ኣድራሻ ብኻልእ ሽም እንተኾይኑ፣ ነቲ "ምስ መን ከም እትቅመጥ ዝብል (c/o)“ ቦታ ምልኣዮ። እንተ ዘይኮነ እቲ ደብዳቤ ክበጽሓካ ኣይክእልን እዩ። ኣብቲ መመልከቲ ዝተዘርዘሩ ሰነዳት ኣእትዉ ድሕሪኡ ናብቲ ኣብኡ ተገሊጹ ዘሎ ኣድራሻ ስደድ።

ነቲ ናይ መእተዊ መመልከቲ ብምፍራም፡ ቤት ጽሕፈት ፌደራል ስደተኛታትን ስደተኛታትን ነቲ ዝተኣከበ ዳታ ንዕላማ ምክያድ ናይ ውህደት ኮርስ ክእክቦ፡ ከሰላስሎን ክጥቀመሉን ትሰማማዕ ኣለኻ።

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉክታምካ  ምስቲ ኣብ ናይ ወጻእተኛታት ማእከላይ መዝገብ ዝተታሕዘ ዳታ (ሓበሬታ) ንምዉድዳር የገልግል። ኣብኡ ድማ ናይ መንበሪ ፍቃድ ብመሰረት § 55 Abs. 1 AslyG (ዓንቀጽ 55 ፈላይ ዓንቀጽ 1 ናይ ዑቅባ ሕጊ)፣ ወይ ድማ ናይ መዐገሲ ፍቃድ ብመሰረት § 60a Abs. 2 S. 3 AufenthG (ዓንቀጽ 60a ፈላይ ዓንቀጽ 2 S. 3 ናይ መንበሪ ፍቃድ ሕጊ) ወይ ድማ ናይ መንበሪ ፍቃድ ብመሰረት § 24 AufenthG ወይ ድማ § 25 Abs. 5 AufenthG (ዓንቀጽ 24 ናይ መንበሪ ሕጊ ወይ ድማ ዓንቀጽ 25 ፈላይ ዓንቀጽ 5 ናይ መንበሪ ሕጊ) ከም ዘለካ ይምርመር።

ናይ ዉህደት ትምህርቲ ንኽትወስድ እንተ ዳኣተፈቒዱልካ፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ፌደራል "ናይ ፍቃድ ወረቀት" ዝብል ኣብ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ን ምስታፍ ፍቃድ ይወሃበካ ። ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ወሃብቲ ኮርሳትን ቦታታት ኮርስን ከምኡ’ውን ብቑዕ ዞባዊ ጨንፈር ናይ ቤት ጽሕፈት ፌደራል ብኢንተርነት ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረክብ ትኽእል፡

[https://bamf-navi.bamf.de/de/](https://bamf-navi.bamf.de/de/)

ኣስተውዕል፡  ዑቅባ ኣብ እትሓተሉ እዋን ወይ ድማ ቃለ መጠይቅ ኣብ ዝገበርካሉ እዋን ናይ ዉህደት ቋንቋ ትምህርቲ ፍቃድ ተዋሂቡካ እንተኔሩ ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንኽትሳተፍ ምምልካት ኣይድልየካን እዩ

እቲ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ፍቃድ ሓደ ዓመት ጥራይ እዩ ዘገልግል። እቲ ናይ ፍቃድ ወረቀት ክሳብ መዓስ ከም ዘገልግል ተጻሒፍዎ ኣሎ። ኣብቲ ተሓቢሩካ ዘሎ ቦታ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ንኽትወስድ ተመዝገብ ከምኡ ድማ ነቲ ናይ ፍቃድ ወረቀት ኣርኢ። ፍሉይ ቦታ እንተዘይተዋሂቡካ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ኣብ ዝመረጽካዮ ወሃቢ ኮርስ ተመዝገብ።

ኣብ ዝቀልጠፈ እዋን ትምህርቲ ምእንቲ ክትጅምር ፌደራል ኣብ ዉሱናት ናይ ቋንቋ ትካላት ክሰደካ ይኽእልእዩ።

እቲ ቋንቋ ዝምህር ትካል ትምህርቲ መዓስ ከምዝጅምር ክሕብረካእዩ። እቲ ትምህርቲ ድሕሪ ምምዝጋብካ ኣብ ውሽጢ ሹዱሽተ ሶሙናት ክጅምር ኣለዎ። ኣብዚ እዋን እዚ ትምህርቲ እንተ ዘይጀመረ እቲ ትካል ክሕብረካ ኣለዎ።

እቲ ትምህርቲ ባዕልኻ ብዘምጸአካዮ ምኽንያት እንተ ደንጎየ ሓደ ዓመት ድሕሪ ምምዝጋብካ ትምህርቲ እንተ ዘይጀመርካ ወይ ድማ ነቲ ትምህርቲ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ እንተ ኣቋረጽካ እቲ ናይ ትምህርቲ ፍቃድ ኣየገልግልን ምኳኑ  ወይ ድማ ካብ ስራሕ ወጻኢ ከምዝኸውን ኣስተውዕል።

ግቡእ ምክትታል ትምህርቲ

ነቲ ዕላማ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ብዓወት ክትዛዝሞ ምእንቲ, ነቲ ትምህርቲ ብግቡእ ክትከታተሎ ኣለካ። እዚ ማለት ድማ ነቲ ትምህርቲ ብቐጻልነት ክሳብ መወዳእታኡ ክትከታተሎን ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ድማ ክትሳተፍ ኣለካ። እቲ ቋንቋ ዝምህረካ ትካል ብሰናይ ድሌትካ ነቲ ትምህርቲ ብግቡእ ከም ዝተኸታተልካ ምስክርነት ክህበካ ይኽእል።

ክንክን ቆልዑ

ኣብ ናይ ውህደት ኮርስ ክትሳተፍ ምእንቲ ክትክእል ክንክን ህጻናት እንተድኣ ኣድልዩካ፡ ን ወሃቢ ኮርስ ተወከስ። ብዛዕባ ህሉዋት ኣማራጺታት ክንክን ህጻናት ክሕብሩኻ እዮም።

ትምህርቲ ዝህብ ትካል ምቅያር

ብሓፈሻ ናይ ትምህርቲ ትካል ምቅያር ድሕሪ ሓደ ክፋል ትምህርቲ ምዝዛሙ ጥራሕ እዩ ዝካኣል። ለውጢ ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ኩነታት ጥራይ እዩ ዝከኣል፣ ብፍላይ ኣብ መንጎ ናይ ክፍለ ግዜን ምሉእ ግዜን ኮርሳት እንተተቐይርካ፣ ክንክን ህጻናት ንምኽኣል ወይ ድማ ሓደ ክፋል ናይቲ ኮርስ ምስ ወዳእካ ስልጠና ወይ መኽሰብ ዘለዎ ስራሕ ክትወስድ ምስ እትግዕዝ።

ብኻልእ ምኽንያት እንተቐዪርካ ዘይተማሃርካዮ ናይ ትምህርቲ ክፋላት ይጎድል።

እቲ ምቅያር ብምኽንያት እንተኾይኑ ትካል ነቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ፍቃድ ክመልሰልካ ኣለዎ።

ናይ ዉህደት ትምህርቲ ክፍሊት

ኣብዚ መኣዲ ትምህርቲ ምስታፍ ንዓኻ ብናጻ እዩ።

ናይ መጓዓዝያ ክፍሊት

እስኻ ናብ ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ብምምልካት ንናይ ዉህደት ትምህርቲ ንመጓዓዝያ ዝኸዉን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል። ነዚ  ድማ እቲ ናይ ትምህርቲ ቦታ ካብ መንበሪ ቦታኻ ካብ 3 ኪሎሜትር ዝራሓቀ ክኸዉን ኣለዎ። እቲ ዝወሃብ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ከም ሓፈሻዊ ይወሃበካ። ነቲ መመልከቲ ናብቲ ናይ መንበሪ ቦታ ሓላፍነት ዝስከም ናይ ከባቢ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፌደራል ክትሰዶ ንላቦ። ነዚ ብኢንተርነት ኣብ ትሕቲ https://bamf-navi.bamf.de/de/ ክትረኽቦትኽእል።

ምድግጋም እንተበዝሐ 300 ኣሃዱታት ትምህርቲ ናይቲ ቋንቋ ኮርስ

ኣብ ትሕቲ ዉሱን ቅድመ-ኩነት ሓደ ግዜ 300 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ነቲ ናይ ቋንቋ ትምግርቲ ክደግም ይፍቀደካ። እዚ ማለት ግና ኣብቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ብምሉእ ክትሳተፍ ኣለካ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ ቋንቋ ፈተና ተፈቲንካ እኹል ናይ ቋንቋ ክእለት ከም ዘይብልካን ከምስከረልካ ኣላዎ (ናይ ቋንቋ ደረጃ B1)።

ነቲ ትምህርቲ ንኽትደግም እንተ ደሊኻ ምልክታ ከተቅርብ ናይ ግድን እዩ። ነዚ ድማ ናብቲ ናይ ከባቢኻ ሓላፍነት ዝስከም ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ከተቅርብ ኣለካ።

ፊደል ናይ ምቁጻር ትምህርቲ ትመሃር እንተለኻ ነተን 300 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ንምድጋም፣ ነቲ ቀጺሉ ዝመጽእ ትምህርቲ ንምድጋም ኣብ ናይ ቋንቋ ፈተና ንኽትሳተፍ ናይ ግድን ኣይኮነን።

ብተወሳኺ ክትፈልጦ ዘለካ

ኩሉ ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ወረቀት ዘሎ ናይ መመልከቲ ቅጺ ካብቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ዝህብ ትካል፣ ካብ ናይ ከባቢኻ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ካብቲ ናይ ከባቢኻ ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ክትረኽቦ ትኽእል። ብተወሳኺ እዉን ነቲ ቅጺ ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጽ ኣብ ትሕቲ https://www.bamf.de/formulare ክትረኽቦ ትኽእል።

ነቲ ምልክታ በቲ ናይ ፌደራል ናይ ኢንተርነት መርበብ ኣብ ናይ ፌደራል ጽሕፈት ቤት ክትልእኽ እውን ትኽእል ኢኻ።እዞም ዝስዕቡ መመልከቲታት ብዲጂታል (ብኢንተርነት) መልክዕ ክርከቡ ይካኣል፡

- ንናይ ዉህደት ትምህርቲ ፍቃድ ንምርካብ መመልከቲ ቅጺ
- ነቲ 300 ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንምድጋም ዝቀርብ ናይ ፍቃድ ቅጺ
- ናይ መጓዓዝያ ሓገዝ ከምኡ እዉን ልዕል ዝበለ ናይ መዓልታዊ ኣበል ዝሕተተሉ ቅጺ

ናይ ኦን-ላይን መመልከቲ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ

ኣብ ፌደራል ፖርታል ዝርከቡ ናይ ኦንላይን መመልከቲታት በዚ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ ኩሉ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ ኦንላይን መመልከቲ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፡

ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ብዛዕባ ናይ ኦን-ላይን መመልከቲ ቅጺ

ብተወሳኺ ብማእከላት ምኽሪ ስደት (Migrationsberatungsstellen) ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ስደት መንእሰያት (Jugendmigrationsdienste) ዝወሃብ ኣገልግሎት ኣስተውዕል። እዚኦም ነቲ ኣብቲ ቅጺ ምምላእ ክሕግዙ ይኽእሉ፣ ሕቶታት እንተሎ ከምልሱ ይኽእሉ ከምኡ እዉን ንጸገማት መፍትሒ ይህቡን ኣብ ዝግባኣካ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንምርካብ ይተሓባበሩ። ነዞም ናይ ፍልሰት ኣማኽርትን ናይ መንእሰያት ኣማኽርቲ ትካላትን ኣብ ጥቓኻ ኣበይ ከምዝርከቡ፣ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ኣብ ኢንተርነት ኣብ ትሕቲ https://bamf-navi.bamf.de/de/ ብምምዉካስ ይርከብ።

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቀት ነቲ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ብዝምልከት ኣድላዪ ዝኾነ ሓበሬታ ዝሓዘለ እዩ። ተወሳኺ ሕቶታት እንተሎ እቲ ቋንቋ ዝምህር ትካል ከምልሰልካ ይኽእል።

ኣብ እዋን ናይ ዉህደት ትምህርቲ ትኽደሉ ሕጋዊ ናይ ሓደጋ ናይ መድሕን ዉሕስነት የብልካን።

ኣብ ናይ ዉህደት ትምህርቲ ምኻድካ ኣብ ናይ ዑቅባኻ መስርሕ ጽልዋ የብሉን።

ንሕና ኣብቲ ናይ ዉህደት ትምህርትኻ ብዙሕ ዓወት ንምነየልካ!